# ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ካድራት ኣኼባ ኣካይዱ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

**18.04.2005**

ሓው ሑሴን ኸሊፋ፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝመርሖ፡ ሰለስተ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት እተሳተፍዎ ልኡኽ ብ16 ሚያዝያ 2005 ኣብ ቤት ጽሕፈት ሰደግኤ ንካድራት ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣኼባ ኣካይዱ።

ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ዕላማታት ቅርጻን መድረኻዊ መደብ ዕዮን ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፥ ውጽኢት ቀዳማይ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን፤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድሕሪ ምምስራቱ ዘካየዶም ንጥፈታትን ብዝምልከት ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ። ከምኡ ውን፡ ካድር ከም መራኸቢ መስኖ ኣብ መንጎ መሪሕነትን ህዝብን መጠን፡ ካድራት ውድባት ኪዳን ተሰኪሞሞ ዘለዉ ሓላፍነት ኣዝዩ ዓቢ ምዃኑ ድሕሪ ምእማት፡ ምስ ህዝቢ ህይወት ዘለዎ ዝምድና ክፈጥሩ ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ። ብድሕርቲ መግለጺ፡ ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ካብ ካድራት ዝቐረበሉ ሕታቶት መሊሱን፥ ጠቓምቲ ርእይቶታት ሰሚዑን ለበዋታቶም ውን ተቐቢሉ።

ከምኡ ውን፡ ሑሴን ኸሊፋ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን፥ ኣሕመድ መሓመድ ናስር፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት፥ ሸኽ ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ገንዘብን ቍጠባን፥ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን፥ ኣብዚ ዕለትዚ ምስ ሉችያኖ ኤስካላታኣሪ ናይ ጋዜጣ ፋሚልያ ክርስትያና ወኪልን፤ ምስ ራፋኤል ማየስቶ፡ ናይ ረድዮ ፖፖላረ ወኪልን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተራኺቦም ሰፊሕ ቃለ መሓትት ኣካይዶም።